April 19, 2013

ትብጻሕ ናብ ወናኒ መርበብ ኣሰና፡

ብሃይማኖት ኣይትላገጽ

ብዕለት April 12, 2013, ኣብ መርበብካ ዝዘርጋሕካዮ ጽሑፍ፡ ኣቐያሚ ኮይኑ ስለዝረኸብኩዎ እየ ዝጽሕፈልካ ዘሎኹ። እቲ "ወዲ ገበያ-ቃለ መሕትት ምስ ሰመረ ገበያ-ወዲ-ገበያ" ኢልካ ዝዘርጋሕካዮ ጽሑፍ፥ እንተ ኮነ ኢልካ፡ እንተ ብዕሽነትካ፡ እንተብድንቁርናኻ፡ ንዅሉ ኣማኒ ኤርትራዊ ናይ በሓቂ ኣቐያሚ ኮይኑ ተሰሚዑኒ። ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ፡ ኤረትራውያን ወይ ክርስትያን ኢዮም ወይ ከኣ ኣስላም እዮም እንተብልኩ ቃለ-ኣጋንኖ ኣይኮነን። ስለ'ዚ ሕዝቢ ኤረትራ ኣማኒ ሕዝቢ ኢዩ። ኣማኒ ሕዝቢ ካብ ኮነ ከኣ ከከም እምነቱ መሰረት እምነቱ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ኣብ'ቲ መዓልታዊ ሕይወቱ የዘውትር። ብመሰረት እምነቱ ዝእምነሎም መምርሒታትን፡ ጸሎትን፡ ስርዓትን ኣለዎ። ኣብ'ዚ ላዕሊ ዝጠቐስኩዎ ዝዘርጋሕካዮ ጽሑፍ፡ ነቶም ክርስትና ዝስዕቡ ኤረትራውያን ኢኻ በቲ ደረት ዘይብሉ ዕሽነትካ ወይ ድንቁርናኻ ክትብድሆም ዝደፈርካ። ሎሚ ንክርስትያን ኤረትራውያን ካብ ደፈርካ፥ ውዒሉ-ሓዲሩ ከኣ -ፍርሕን ራዕድን ሓዲሩካ እንተዘይኮይኑ- ንኣስላም ኤረትራውያን'ውን ክትደፍር ዕሽነትካ ክደፋፍኣካ ይኽእል እዩ።

ኣብ ዝዘርጋሕካዮ ጽሑፍ፥ ብስም ሥላሴ ክትላገጽን፡ ነቲ "ኣቦና እብ ሰማያት እትነብር" ኢልና እነቕርቦ ጸሎት'ውን ኣብ ናትካ መዓላ ከተውዕሎን እንክሎኻ ናይ በሓቂ ዓቢዩ ጸርፊ እዩ። ብዝዘርጋሕካዮ ጽሑፍ፡ መንነትካ ኮነ እምነትካ ክግምት ይጽግመኒ። ናይ በሓቂ ክርስትያን እንተትኸውን ከም'ዚ ኢልካ ንእምነትካ ኣይመዋረድካን። ኤርትራዊ እንተትኸውን ከኣ ንክርስትያን ኤርትራውያን ኣሕዋትካ ኣይምነዓቕካን።

ነ'ዚ ጽሑፍካ፡ ከም ጽሑፍ (literature) መጠን እንተዝምርምሮስ፡ እንታይ ሓቤረታ ይህበኒ ይመስልካ? ንስኻ፡ ካብ ኣገባብ ኣጸላልያን እምነትን ናይ ክርስትያን ብምቕዳሕ፡ ናትካ "ኢሰያሳዊ" ሃይማኖት ከምዘሎካ የመልክት። ንስኻ፡ ንፕረሲደንት ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ከም'ቲ ክርስትያን ንኣምላኾም ዝኣምኑን ዘምልኹን፡ ንስኻ ከኣ ነቲ ሎሚ ዘሎ ጽባሕ ከኣ መዋቲ፡ መራሕ ሃገርና ኤረትራ ከምተምልኽ ዝሑፍካ ይሕብረኒ። ስም ኢሳያስ ኣፈወርቂ ክቕደስ፡ መንግስቱ ኣብ ኩሉ-ዓለም ክሰፍሕ፡ ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ ንዘሎኻ ከኣስ መግቢ ክህበካ፡ ምእንቱኡ ምስ ኩሎም ጸላእቱ ክትቃለሰሉ፡ ስልጣኑን ሓይሉን ከኣ ንዅሉ ግዜ ክነበር፤ እትትምነ ሰብ ምዃንካ ጽሑፍካ ይገልጽ።

ወናኒ መርበብ-ኣሰና፡ ኣስተውዕል። "ኢሰያሳዊ" ሃይማኖት ዝበሃል እንተ ደኣ ኣሉዩካ ወይ ትስዕብ ኮይንካ፡ ጣዖትካ "ኢሳያስ" ድሕነት የልብስካ። ሰብ፡ ብኢሳያስነትካ ከኽብረካ እንተደሊኻ፡ ንስኻ'ውን ናይ ካልኦት ሰባት እምነት ከተኽብር ኣሎካ። ሃይማኖታዊ እምነት ፍጡርን ፈጣርን ዘራኽብ መሳልል ደኣም'በር ፖሊቲካዊ ኣተሓሳስባ ወይ መትከል ኣይኮነን።

ኣንባቢ